ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ

ፈጻሚ ኣካል

جبهة الإنقاذ الوطني الإرترية

الهيئة التنفيذية

ERITREAN NATIONAL SALVATION FRONT

Executive Committee

# ደምዳሚ ኣዋጅ 4ይ ስሩዕ ኣኼባ ፈጻሚ ኣካል ግሃድኤ

ፈጻሚ ኣካል ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ (ግሃድኤ)፣ ካብ 6 ክሳብ 7 ሚያዝያ 2019 ራብዓይ ስሩዕ ኣኼባኡ ኣካይዱ።

ኣኼባ ፈጻሚ ኣካል፡ ማእከላይ ባይቶ ግሃድኤ ኣብ 2ይ ስሩዕ ኣኼባኡ ዘመሓላለፎም ውሳኔታት ብዕውምቀት ብምርኣይ፡ ኣፈጻጽማኡ ብዝምልከት ምስ ህልው መድረኽ ብዝጠዓዓም ትካላዊ ዕዮ ዘማዕብል ውጥን ሓንጺጹ። ኣብ ኤርትራን መላእ ቀርኒ ኣፍሪቃን ተኸሲቱ ዘሎ ቅልጡፍ ፖለቲካዊ ምዕባሌታትን፡ ኣብ'ዚ ወቕቲ'ዚ ህዝቢና ዘሕልፎ ዘሎ ኩነታትን፡ ኣብ ውሽጢ ሃገርን ኣብ ዝተፈላለዩ ሃገራት ዓለምን ኣብ ትሕቲ "ይኣክል" ዝብል ጭርሖ፣ ጸረ ጨቋኒ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ዘቖነው ህዝባዊ ምንቅስቓሳትን ብትኹረት ተመልኪተ። ከምኡ'ውን ልዑላውነትን ሃገራዊ ሓድነትን ኤርትራ ዝህዲድ ዘይ ሃገራዊ መርሓ ስርዓት ውልቀ መላኺ ኢሳይያስ ብዕውምቀት መዚኑ።

ኣኼባ፡ ነቲ ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ንምድሓን፡ ጸረ ጨካን ጨቋኒ ጉጅለ ገዛኢ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢሳይያስ ድምጹ ዘበርኸ ዘሎ ሰፊሕ ሓፋሽ ህዝቢ ኤርትራ ደገፉ ብምግላጽ፡ ብዝያዳ ክደጋገፍን ክወሃሀድን ድማ ጸዊዑ።

ፈጻሚ ኣካል ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ፡ ነቲ ኣብ መንጎ ኢትዮጵያን ስርዓት ኢሳይያስን ዝካየድ ዘሎ ዝምድና ብዝምልከት፡ ምስ ኢትዮጵያን መላእ ጎረባብቲ ሃገራትን፡ ምርግጋእን ሰላምን ዘሰፍንን፡ ናይ ሰናይ ጉርብትና ዝምድና ዝሃንጽን፡ ናይ ውድብናን ናይ መላእ ሃገራዊ ሓይልታት ኤርትራን ጽኑዕ መትከላዊ መርገጺ ደጊሙ ኣረጋጊጹ። ኣብ ርእሲ'ዚ ድማ፡ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ስርዓት፡ ኤርትራ ካብ ኢትዮጵያዊ መግዛእቲ ብ24 ግንቦት 1991 ሓራ ካብ ዝወጸትሉ ዕለት ጀሚሩ ብሓይልን ዓረርን ዝገዝእ ዘሎ ስርዓት ውልቀ መላኺ፣ ዘይሕጋዊ ስለዝኾነ፡ ንህዝቢ ኤርትራ ዝውክል ከም ዘይምዃኑ፡ ፈጻሚ ኣካል ንመንግስቲ ኢትዮጵያ የዘኻኽር። ስርዓት ውልቀ መላኺ ምስ ዝኾነ ወገን ዝፈራርሞም ምስ ህያው ረብሓታት ህዝቢና ዝገራጮን ልዑላውነት ኤርትራ ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ከእቱ ዝኽእል ስምምዓትን፡ ንህዝቢ ኤርትራ ቀየድቲ ዘይምዃኖም'ውን ኣረጋጊጹ። ፈጻሚ ኣካል ብተወሳኺ፡ ብይን ኮምሽን ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ኣህጉራዊ ተፈጻምነት ዘሎዎም ውሳኔታት መሰረት ብምግባር ኣብ መንጎ ክልቲኡ ሃገራት ዶብ ብቕልጡፍ ክምልከት ኣትሪሩ ተማሕጺኑ።

ኣኼባ፡ ሚኒስትሪ ዜና ስርዓት ኤርትራ ነቲ ኣብ መንጎ ኢትዮጵያን ስርዓት ኤርትራን ዝተጀመረ ጉዕዞ ዝምድና ንምብልሻው፣ ንእስላማዊ ምንቅስቓሳት ይሕግዞ ኣለዉ ብዝብል፡ ጸረ ሰለስተ ሃገራት ዘቕረቦ ክሲ ኣዚዩ ኣደንጺዩዎ። እዚ ኣብ ውሺጢ ህዝቢ ኤርትራ ሃይማኖታዊ ምትፍናን ንምልዕዓል ብሓደ ሸነኽ፡ ኣብ መንጎ ሃገራት ዞባና ከኣ ዝምድናታት ንምብልሻውን በቲ ካልእ ሸነኽ፡ ዝጥቀመሉ ዘሎ መርዛም ስልቲ ምዃኑ ኣኼባ ፈጻሚ ኣካል ግሃድኤ ኣስሚሩሉ። ኣብ ርእሲኡ ድማ፡ እዚ ስርዓት ዝኽተሎ ዘሎ መርሆ፣ ኣብ ልዕሊ ህልውን መጻኢን ረብሓታት ህዝቢ ኤርትራ ክስዕብ ዝኽእል ጉድኣት ግምት ብዘይምሃብን፡ ነቲ ኣብ መንጎኡን ገለ ሃገራት ዞባ ዘሎ ህልዊ ዞባዊ ኣሰላልፋ ንካልኦት ኣብ ምግጣም ንምግልጋል ዝሃቀነ'ውን እዩ።

ራብዓይ ስሩዕ ኣኼባ ፈጻሚ ኣካል፡ ብዛዕባ ኤርትራዊ ተቓውሞ ብዝምልከት፡ ኣብ ብዙሓት ሃገራት ዓለም ክወዳደብ ዝረአ ዘሎ ኤርትራዊ ህዝባዊ ርሱን ምልዕዓላት፡ ኣብ ሃገርናን ዞባናን ዝኸሰት ዘሎ ለውጢታት ኣብ ግምት ብምውሳድ፡ ዘይ ሰመረን ድኹምን ኩውንነት ንምስጋር፡ ኩሉ ዓቕሚታት ተቓውሞ ሓይልታት ጸረ ስርዓት ኢሳይያስ ንምቕናዕ ዘኽእል ግብራዊ ሓድነታዊ ስጉምቲታት ምውሳድ ኣድላዪ ቅድመ ኩነት ምዃኑ ኣረጋጊጹ።

*ካብ'ዚ ብምጋስ፡ ፈጻሚ ኣካል፡ ኤርትራዊ ተቓውሞ ንምጉልባት ዝዓለመ ሓሳብ ንምቅራብ ጻዕረታቱ ከዛይድ ምዃኑ ይገልጽ። ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ናይ ሕሉፍ ታሪኽን፡ ናይ'ቲ ኣብ መንጎ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራን ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራን ዝሓለፈ ተሞኩሮ ዝምድናታትን ምሩኽ ኣይኮነን። ስለዚ ምስ መላእ ሓይልታት ዲሞክራስያዊ ለውጢ፡ እንኮላይ ኣብ ኤርትራ ዲሞክራስያዊ ለውጢ ንምርግጋጽ ዝኣምኑ ኣባላት ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ፡ ንዘተን ሓባራዊ ዕዮን ድሉው ምዃኑ ደጊሙ የረጋግጽ።*

*ውድብና ምስ ኩሎም ሃገራዊ ሓይልታት ኤርትራ ብምትሕብባር ኣብ ቀረባ እዋናት ዝጋባእ ካልኣይ ሃገራዊ ጉባኤ ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ንምዕዋት ዝገብሮ ዘሎ ጻዕሪታት ነቲ ኣብ ዝሓለፈ እዋናት ሒዝዎ ዝነበረ መርገጽ ዘንጸባርቕ ኢዩ። ካልኣይ ሃገራዊ ጉባኤ፡ ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ሕሉፍ ተሞኩሮኡ ብወድዓውነት ዝግምግምን፡ ኣብ ጉዕዞኡ ዝተረኣዩ ሕጽረታት ዝፍውስን፡ ህዝብን ሃገርን ካብ ሓደጋታትን ብርሰተን ዲክታቶርያዊ ስርዓት ንምድሓን ገድላዊ ዕማማቱ ንምስልሳል ዘኽእሎ  ሓዲሽ ንቕሎ ዝኸውን ታሪኻዊ ኣጋጣሚ'ዩ። ኣኼባ፡ በዚ ኣጋጣሚ'ዚ ኣብ ኤርትራዊ ርእሰ ሙርኮሳ ዘትከለ ውጻኢታት ጉባኤ ንምሽፋን ገንዘባዊ ደገፋት ዘበርከት ዘሎ ሓፋሽ ህዝቢናን ፖለቲካዊ ሓይልታቱን ልዑል ምጎሱ ይገልጽ።*

*ኣኼባ፡ ኣብ ርእሲ'ቲ ካብ ኢትዮጵያዊ መግዛእቲ ሃዲሞም ኣብ  መደበራት ስደተኛታት ሱዳን ክሳብ'ዚ ዕለት'ዚ ከርተት ዝብሉ ዘለዉ ኤርትራውያን ስደተኛታት፣ መሰል ምምላስ ናብ ሃገሮም ዝተነፈጎም ቀዳሞቶ ስደተኛታትን፡ ካብ ገሃነም ስርዓት ኢሳያስ ዚሃደሙ ሓደስተ ስደተኛታትን፣ ዘዕቅባ ዘሎዋ ጎረባብቲ ሃገራት ልዑል ምስጋናኡ የቕርብ። ኣህጉራዊ ማሕበረ ሰብ ናብ ሃገሮም ክሳብ ዚምለሱ መሰሎም ከም ስደተኛታት ክሕልወሎም ታሪኻዊ ሓላፍነቱ ክስከም ድማ ጸዊዑ። ጉዳይ ሰደኛታት ዝምልከተን ሃገራትን ኣህጉራዊ ትካላትን፡ ስርዓት ኢሳይያስ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዝፍጽሞ ዘሎ ሰብኣዊ ግህሰታትን ምእሳር ኣሻሓት ኤርትራውያንን፡ ባይቶ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት ሃገራት ብመርተዖታት ዘረጋገጹ ኢ ሰብኣዊ ተግባራት ደው ንኽብል ኣብ ልዕሊ ስርዓት ኢሳያስ ጸቕጥታቶም ከዛይዱ ጸዊዑ።*

*ኣብ መደምደምታ፡ ኣኼባ ፈጻሚ ኣካል፡ ኣብ ኩሉ ጽፍሕታት ዝርከቡ ኣባላት ውድብ ኣሰራርሓ ውድብ ንምምዕባልን ንምድንፋዕን ዘካይድዎ ቐጻሊ ጻዕሪታት ሞጒሱ። ፈጻሚ ኣካልን ዝተፈላለዩ ትካላቱን ዘቕመጥዎም እዋናዊ ውጥናት ንምፍጻም ዝካኣሎም ጻዕሪታት ከካይዱ ይጽዊዕ።*

*"ድሕነት ህዝብን ሃገርን ልዕሊ ኩሉ !!*

*ኤርትራ ናጻን ሓራን ኮይና ክትነብር'ያ !!*
*ዓወት ንተጋድሎ ህዝብና ንዲሞክራስያዊ ለውጢ !!*
*ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንስዉኣትና !!*

*ፈጻሚ ኣካል ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ*
*10 ሚያዝያ 2019*